# ምኽሪ ንወለዲ

# ቤት-ትምህርቲ



Tigrinisch

Kommunales Integrationszentrum
Kreis Minden-Lübbecke

Mühlenkreis
MINDEN-LÜBBECKE

# ዝርዝር ትሕዝቶ


ቅድመቃል ........................................................................................ 3

ግዴታ ትምህርቲ ........................................................................................ 4

ስርዓተ ትምህርትን ኣደብ ኣብ ቤት-ትምህርትን ........................................................ 5

ምዝበር ሕማም/ ይቕሬታ ........................................................................................ 6

ኣቕሓ ቤት-ትምህርቲ ........................................................................................ 8

ቁርሲ ጥዕና ........................................................................................ 9

ኣሚጺታት ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ........................................... 10

ደገፍ ኣብ ገዛ ........................................................................................ 12

ሓገዛትን ኣሚኸትን ........................................................................................ 14

ርክብ/ ሕጋዊ ሓበሬታ ........................................................................................ 15

# ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ኣብ ምሽባለ ቆልዓኦም ተሳቲፎም ዘለዉ ሰባት ብዙሓት ኣለዉ ኣብ ቤት-ትምህርቲ።

እዚኦም ዝስዕቡ'ዮም፦

- **ናይ ክላስ መምህር፣ መምህር ፍሉይ መደይ**
- **ሚሬሕ/ት ቤት-ትምህርቲ፣ ሰክረታሪ**
- **ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ኣላይ/ት፣**
- **ኣላይ/ት ገዛ፣ ኣመሓዳሪ/ት ቀጠባ ገዛ፣**
- **ሰራሕተኛታት ጽሬት ከምኡ'ውን ብዙሓት ካልኦት።**

ኩሎም እዚኦም ሰባት ኣካል ጉጅለ ቤት-ትምህርቲ እዮም።

ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምእንቲ ክለምድ ከምኡ'ውን ብሰላም ምእንቲ ክምሃር ንክኽእል ብዘዕባኺ ሓባ ዝኹምን ተገዳስነትኩምን የድልዮ እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክኽተሉ ዘለዎም ሓፈሻውያን ነገራት ከምኡ'ውን ቆልዓኹም ከመይ ጌርኩም ከምትሕግዝዎ፣ ኣብዚ ሓደክልተ ሓበሬታታት ክትረኽቡ።

**ቆልዓኹም ጥራይ ብሓንሳብ ምስኹም ሓያል ክኸውን ይኽእል!**



# ግዴታ ትምህርቲ

ኣብዞባ Nordrhein-Westfalen ግዴታትምህርቲ ኣሎ። ክሳብዕለት 30 መስከረምሽዱሽተ ዓመት ዝዕደመቖልዑ ኣብትምህርቲ ክሳተፉ ኣለዎምማለት እዩ።

እቲ ሓደሽ ዓመት ትምህርቲ ከሉ ግዜ ኣብሃጋይ ከሉ ዓመት ይጀምር። እቶምቖልዑትን መንእሰያትን ብውሕዱ ንዓሰርተ ዓመት ኣብቤት-ትምህርቲ እዮምዝሳተፉ።

ቅድምካብ1ይ ክሳብ4ይ ክፍሊ ኣብመሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ እዮምዝሸዩ።
ብድሕሪኡ ክፍሊታት 5 ክሳብ10 ኣብሓደ ቀጻሊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ።

እቲ ግዴታትምህርቲ ኣብመወዳእታዓመት ትምህርቲ ይወድእ፣ ቖልዓኸም መበል 18 ዕደመምስመልአ። ክሳብሽዑ ወይ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ደማ ኣወስበልዱንግ ክጀምር ኣለዎ።

ቖልዓኸምኣብ ኩሎምፍጻሜታት ቤት-ትምህርቲ ወን ክሳተፍ ኣለዎ።

ብሕልፊ

- **ትምህርቲ ስፖርትን ምሕምባስን፣**
- **ትምህርቲ ሃይማኖት / ኣቲክ*፣**
- **መግሻታት ክላስ**
  ከምኡ'ውን
- **ጉዕዞታት ክላስ።**



* ኣብትምህርቲ ሃይማኖት / ኣቲክ ብዘዕባ ኣየኖት ሃይማኖታት ከምዝለዉ ኣየኖት ልምድታት ኣብሕብረተሰብና ከምዝለዉ ይዝረብ እዩ። ሽዑ ብክርስትያናዊ ሃይማኖት ዝሽይድኣተዓባብዮ ደማዕላማኣይኮነን።

# ስርዓተ ትምህርትን ኣደብን
# ኣብ ቤት-ትምህርቲ

መቐረት ናይ ሓባር ምንባር ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ምምሃር ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕጊ ቤት-ትምህርቲ ዞባ NRW እዩ። ካብኡ ንየውኣብ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ግድነታዊ ስርዓተ ትምህርቲ ኣሎ፣ ኣብኡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ እንታይ ፍቑድ እንታይ ክልኩል ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ሓድሕዳዊ ምኽባር እዩ ተጻሒፉ።

ብዙሓሸኡ ዝስዕብ ይብቕዕ፥

- **ብኣኽብሮትን ሕያውነትን ትሕትናን ኢና ንረኻኸብ።**
- **ኣዋልድን ኣወዳትን፣ ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ መሰል ኣለዎም!**
- **ኩሉ ሰብ ከምቲ ዘለዎ/ዘላ ክኽበር ኣለዎ!**
- **ኣካላታውን ዘረባውን ጎነጽ ክልኩል እዩ። ሽግራትን ግጭታትን ብዘብር ብህድኣት ክፍታሕ ይከኣሉ።**




ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ኣብ ምዝገባ ወይ ኣብ ሰክረታሪ ቤት ጽሕፈት ክትወሃቡ ኢኹም።

# ምሕባር ሕማም / ይቕሬታ

ቆልዓኹም ግዜ እናኣኸበረ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸይድ ከም ዘለዎ ብምልኡ ኣብ ትምህርቱ/ታ ክሳተፍ ኣገዳሲ እዩ።

ቆልዓኹም እንተ ሓሚሙ ኣብ ሽዑ መዓልቲ ቅድመ ፋዱስ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ደዊልኩም ቆልዓኹም ከም ዝሓመመ ትሕብሩ። ምስ ሓወየ ድማ ጽሑፋዊ ይቕሬታ/ምኽንያት ንኸቕርብ ሃብዎ ኢኹም።

ቆልዓኹም ኣብ ሕማም ከመይ ጌርኩም ምኽንያቱ ከም ትገልጹ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ገጽ ክትፈልጡ ኢኹም።

ኣብ ፍሉያት ፍጻሜታት፡ ከም ሃይማኖታውያን በዓላት ወይ ባህላውያን ፈስታታት፡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚኡ ጠለብ ብኸሪት ክግበር ይከኣል እዩ።





## ዝርርብተሌፎን ኣብቤት-ትምህርቲ

ሰላም! ስመይ__________እዩ።
ኣነ ናይ________(ስም) ኣቦ/ ኣደ እዩ።
ንሱ/ ንሳ ኣብክፍሊ ክላስ ናይኣቶ/ወይዘሮ________ (ስምመምህር) እዩ ዝሳተፍ/እያ ትሳተፍ።
ቆልዓይ ሓሚሙእዩ።
ምናልባት ንሱ/ ንሳ ጽባሕኣብ_____ (ዕለት) ኣብቤት-ትምህርቲ ክምለስ እዩ።
ኣዚና ነመስግን ከም። ብሰላምየራኽበና።

Hallo! Mein Name ist __________.
Ich bin der Vater/die Mutter von _______(Name).
Er/Sie geht in die Klasse von Herrn/Frau _______ (Name der Lehrkraft).
Mein Kind ist krank.
Wahrscheinlich kommt er/sie morgen/am _____ (Datum) wieder in die Schule.
Vielen Dank. Auf Wiedersehen.

## ጽሑፍ ይቕሬታነ ቲ ቤት-ትምህርቲ

ወደይ/ጓለይ_________________ (ስም)
ኣብ_________ (ዕለት) ቤት-ትምህርቲ ክ(ት)ሳተፍ ኣይክእልን ኔሩ፣
ሓሚሙ/ማስለዝነ በረ/ነ በረት።

ናይዚ ደማይቕሬ በሉ ብኽበረትከም።

ክታም

Mein Sohn/Meine Tochter _________________ (Name)
konnte am _________ (Datum) nicht zur Schule kommen,
weil er/sie krank war.

Ich bitte Sie dies zu entschuldigen.

Unterschrift

# ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ



ቆልዓኹምምስእን ብስርዓት ዝተኻየደ ኣብ ከከምዕደመ ዝበቕዕ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ዝኣትዉ ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ ከሉ ምዃልቲ የድልዮ እዩ፣

ዝስዕብ ነገራት ንኣብነ ት፦

- **ንእሽቶይ ሳጹን መጽሓፊ**
  ምስ ርሳሳት፣ መጥፈሒርሳስ፣ መቐምሽሲ፣
  ሕብራውያን ብርዖታት፣ መጽሓፊ ክንቲት፣ መሕፀኢ ቀለም፣
  መፅቀኑ መቕመሮ።

- **ነቶምኣብሽዑ ምዃልቲ ዝምሃሩ ሱብጀክታት ዝኾኑ ጥራዛትን መጻሕፍትን።**
  ኣብቲ ናይ ግዜ መደብ፣
  ኣየናይ ሳብጀክት ኣብምንታይ መዓልቲ
  ከምዝፍጸምክትፈልጠኢኹም።
  ንዕዮ ገዛ ደማኣስተውዕሉ ኢኹም!

- **ቁርስን ሓደ መቕተን።**

ብዘይካ'ዚ እንታይ ከምዝደልዮ ካብ መምህሩ/ራ ክፈልጥ እዩ።



# ቊርሲ ጥዕና

ጥዑይ ቊርሲ ኣብ ገዛ ከምዘ'ውን ኣብ ማዕጾ ዕረፍቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ
ኣገዳሲ እዩ፣ ቆልዓኸም ጽቡቕ ክመሃር ምእንቲ ክኽእል።

እዚ ቊርሲ'ዚ ውሑድ ሽኮርን ስብሕን ክሕዝ ኣለዎ።
ከምኡ ክመጽል ምኽኣል፦



መቐተታት ኣገደስቲ እየም! ብዝበለጸ እዚ ንቆልዓኸም ሃቡ፦
**ማይ፣ ጸማቝማት ጋዝ (ሾርለ) ወይ ሻሂ።**

ብኽበረትከምለሞ ይድ ከምኮካ ወይ ኣይስ-ቲ ኣይትሃቡ።

# ናይ ደገፍ ኣማራጺታት
# ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ

ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ኣገዳሲ እዮም! ስለዚ እቲ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ ምትሕብባርኩም ተሳትፎኹም ተሓጒሱ'ዩ! ብኸምኡ'ውን ቆልዓኹም ኣብ ትምህርታዊ ምዕባለኡ ትሕግዝዎ ኢኹም።

ሓደ ክልተ ካብኣት እንሆልኩም፦

- ሓገዝን ቀጽጽርን ዕዮ ገዛ
- ጥራዝ ዕዮ ገዛ ዕማማት እዩ ዝሕዝ፡ ቆልዓኹም ነዚኦም ዕማማት ኣብ ገዛ ክሰልጦም ኣለዎ፡ ከምኡ'ውን ሓበሬታን ደብዳቤታት ወለዲ እዩ ዝሕዝ። ንምልውዋጥ ኣብ መንጎ ንስኹም መማህራንን ክዝውተር ይኽእል እዩ። ክሉ መዓልቲ ነቲ ጥራዝ ረኣዩዎ ኢኹም ብኽብረትኩም!
- ግላዊ ወይ ተለፎናዊ ምልውዋጥ ምስቶም መማህራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ወጽኢታትን ኣደብ ቆልዓኹምን ከምኡ'ውን ፍሉይ ነገራት ኣብ ስድራ ኣገዳሲ እዮም። እንተላይ ንመማህራን ወይ ኣብ ህጹጽ ኩነታት መታን ክትርከቡ፡ ዝኾነ ቅያር ኣድራሻ ወይ ተለፎን ብቐልጡፉ ንቤትጽሕፈት ስክረታሪ ቤት-ትምህርቲ ሓብሩ ብኽብረትኩም።
- ተሳትፎ ኣብ ፍጻሜታት ቤት-ትምህርቲ ከም
  - ፈስታታት ቤት-ትምህርቲ፡
  - ኣኼባታት ወለዲ ኣገዳሲ እዮም! ኣብዚ ሓበሬታ መማህራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ምዕባለ ቆልዓኹም ክትወሃቡ ኢኹም!
  - ኣብ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ወለድን መማህራን ክላስን ይራኸቡ እዮም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣርእስታትን ፍጻሜታትን ይዛተዩ፡ ከምፈስታታት ወይ መጓሻታት ነቲ ክላስ።

- ሓገዝኩም ኣብይ ከምዝደሊ ነቲ/ነታ መምህር ክላስ ክትሓቱ ኣይትፍርሑ።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ደሞክራስያዊ ትካል ስለዝኾነ ንስኹም ወለዲ ዋላ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ርእይቶ ክትህቡን ክትሳተፉን ይፍቐደልኩምእዩ። ነዚ ዝስዕቡ ኮሚቴታት/ሽማግለታት ኣለዉ፦

- ምኽንኻን ክላስ
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ክላስ ክገዝኡ)
- ምኽንኻን ቤት-ትምህርቲ
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክገዝኡ)
- ዋዕላ ቤት-ትምህርቲ
  (ኣብዚ ሰፊሕን ኣገደስትን ወሳነታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክግበሩ እየም)



# ደገፍ ኣብ ገዛ

ንቆልዓኹም ኣብ ገዛ ከመይ ጌርኩም ትሕግዝዎ ሓደክልተ ድርኺታት ክንህበኩም ንደሊ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሓያል ምእንቲ ክኾውንን ክተርፍን።

■ **ተገዳስነት ኣብ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ፦**

ንቆልዓኹም ግዜ ወሲዱ ኢኹም ከምኡ'ውን ምሳኹም ክዛረብ ከሎ ረኣዩዎ ኢኹም።

ክሕተቱ ዝኽእሉ ሕቶታት፦

**መዓልቲ ከመይ ኔሩ፧**
**ዕዮ ገዛ ኣለካ ዶ፧ ከመይ ዝኣመሉ?**
**ካብቲ መምህር ሓበሬታ ተቐቢሉ ዶ፧**

ከለምናወትታት ነቲ ዝሕተእ ዘሎ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ ብምሕእን ስሩዕን ከምዝጠርነፉ ኣብቲ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ረኣዩ ኢኹም።

ንቆልዓኹም ኣብ መባእታዊ/መቐረታዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ማገዲ ቤት-ትምህርቲ ኣሰንዩ ኢኹም።



## ዕዮታት ገዛ፦

ምዱብ ኣከያይዳ መዓልቲ ግበሩ ምስ

- ጭፀጥ ግዜታትት፣
- ህዱእን ስሩዕን ከባቢ(ቲ.ቪ.፣ ሞባይል ኣጥፍኡ)፣
- መዓልታዊ ኣብ ጥራዝ ዕዮ ገዛ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ረኣዩ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ መልእኽትታት ኣብኡ ከምዝጻሓፉ፣
- ንቆልዓኹም ኣብ ሽግራት ሓግዝዎ ኢኹም፣
- ምናልባት ተወሳኺ ብሕታዊ ሓገዝ ትጠልቡ(ገንዘባዊ ሓገዝ ብፍወቲ BUT፣ ገጽ 14 ረአ)፣
- ተወሰኽቲ ሓገዛት ዋላ ኣብ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ክትወሃቡ ኢኹም ኣብ ጉዳያት ቤት-ትምህርትን ስድራን (ገጽ 14 ረአ)።

## ንጥፈታት ግዜ ዕረፍቲ፦

ምስ ቆልዓኹም ብዝሕ ተዛረቡን ተጻወቱን ኢኹም ከምኡ'ውን ሓብር፣ ንዕደመ ዝበቅዕ ንጥፈታት ግበሩ፣ ንኣ. መጽሓፍ ንደቃስ ኣንብቡሉ/ላ፣ ምብጻሕ ቤት-መጻሕፍቲ፣ መጻወቲ ሜዳ፣ …

ኣተሓሕዝ ምስ ካልኦት ቆልዑ ንቆልዓኹም ጸብቒ እዩ። ንኣ. ኣብ ማሕበር ስፖርት፣ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ፣ ቤት-ትምህርቲ ጥበብ ምስኣል ወይ ኣብ ዘኣመሰለ ከተማዮግብዎ ትኽእሉ (BUT)።

ምስ ዕደመ ዝሰማማዕ ጸወታታት ኮምፒተርን ፊልምታትን ኣስተውዕሉ!

ቆልዓኹም ብዝሕ ደቃስ የድልዮ (ዝያዳ 8 ሰዓት)፣ ንጎሆ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንጡፍ ምዃን ክኸውን።

# ሓገዛትን ኣማኽርትን

## BUT = ጥቕላል ትምህርትን ተሳትፎን (BUT)

እዚ ካብ ፌደራላዊ መንግስቲ ዝመጽእ ገንዘብ እዩ ን ካብ ወሑድ ደሞዝ ዘለዎም ስድራታት ዝመጹ ቆልዑትን መንእሰያትን።

ብእኡ ተሳትፎ ኣብ ጉዕዞታት ክላስ፣ ሓብር ምሳሕ ኣብ ኪታ(መእለዪ ቆልዑ) ወይ ቤት-ትምህርቲ፣ ተወሳኺ ብሕታዊ ትምህርቲ ወይ ምስታፍ ኣብ ስፖርትን ጸወታን መዚቃን ኣብ ማሕበር ወይ ካልእ ዝበቕዕ ወጻኢ ይከኣል እዩ።
እቶም ተቐበልቲ ገንዘብ ሸቕለት-ኣልቦ (Arbeitslosengeld II)፣ ማሕበራዊ ገንዘብ፣ ማሕበራዊ ሓገዝ/ ድሕንነት፣ ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ወይ መንበሪ ገንዘብ፣ ካብ BUT ዝመጹ ናወትታት ኣብ ጆብሰንተር ወይ ቤት ጽሕፈት ሶሽያል ክጠልቡ ይኽእሉ። ቤት-ትምህርትኹም(መምህር ክላስ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ቤት-ትምህርቲ፣ በዓል ሰክረታሪ) ቀጺሉ ምክሕጋዝ ኽም ይፈትው።

## ጨንፈር ኣገልግሎት ንጉዳያት ቤት-ትምህርትን ስድራን

- ዞባዊ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ቤት-ትምህርቲ -

ወለድን ተመሃሮን ኣብ ዝኾኑ ብዘዕባ ቤት-ትምህርቲ ዘርእስቱ ጸገማትን ሕቶታትን ነቲ ዞባዊ ጨንፈር ምኽሪ ቤት-ትምህርቲ ንዞባ Minden-Lübbecke ክወከሱ ይኽእሉ እዮም። ናይ ምኽሪ ቆጸራታት ብምዱብ ይግበሩ እዮም።

**ግዜታት ሰክረታሪ፦**
ሰኑይ-ሓሙስ፦ ሰዓት 8.00 ክሳብ ፋዱስ ከምኡ'ውን ሰዓት 1.00 ክሳብ 5.30 ድ:ቀ.፣ ዓርቢ፦ ሰዓት 8.00 ክሳብ ፋዱስን ፈረቓን (12.30)

**ኣድራሻን ርክብን፦**
Portastraße 9, 32423 Minden
ተለፎን፦ +49 571 807-12000
ኢመይል፦ schul-undfamilienberatung@minden-luebbecke.de
www.minden-luebbecke.de/Service/Regionale-Schulberatungsstelle

# ርክብ/ኣድራሻ

Kreis (ዞባ) Minden-Lübbecke
Schulamt – Kommunales Integrationszentrum
(ቤትጽሕፈት ቤት-ትምህርቲ – ዞባዊ ማእከል ምውህሃድ)
Portastr. 13
32423 Minden
ተሌ፡- 0571/807-21710

---


**ሕጋዊ ሓበሬታ**

**ኣሰናዳኢ፡-**
ዞባ Minden-Lübbecke
Portastr. 13, 32423 Minden
ተሌ፥ 0571/807-0
www.minden-luebbecke.de

**መርገጽ ሓበሬታ፡-** ሓምለ 2019
**ዝርዝር ምንጭታት፡-**
ግራፊካትን ስእልታትን፡- Fotolia (www.fotolia.de)
**ብዘስዕብ ተደጊፉ፡-**

Ministerium für Kinder, Familie, Flüchtlinge und Integration des Landes Nordrhein-Westfalen




Mühlenkreis
MINDEN-LÜBBECKE

Kommunales
Integrationszentrum
Kreis Minden-Lübbecke

www.minden-lübbecke.de/integration